# መግለጺ ዜና

**ርክብ ሚድያ፣**Susie Philipsen, 206.774.6433፣susie.philipsen@seattle.gov

## Seattle Redistricting Commission (ኮሚሽን ዳግመ ዉደባ ሲያትል) ነቲ ናይ መወዳእታ ቤት ምኽሪ ከተማ ካርታ ዲስትሪክ ተቐቢልዎ ኣሎ

**ሲያትል** (9 ሕዳር፣ 2022) - ኮሚሽን ዳግመ ዉደባ ሲያትል ስራሕቲ ንልዕሊ ሓደ ዓመት ድሕሪ ምኽዋኑ ነቲ ናይ መወዳእታ ቤት ምኽሪ ከተማ ዲስትሪክትታት ካርታ ንምቕባል ድምጺ ሂቡ ኣሎ። እዚ መደብ እዚ ነቲ ኣብ ግዝኣት ዋሽንግተንን ከተማ ሲያትልን ዝወጸ መምርሒታት ቻርተር ብምስዓብ፣ ንኣዋርሕ ህዝባዊ ተሳትፎ ምግባርን ምስ ክኢላታት ጂኦግራፊክ ኢንፎርመሽን ሲስተም ከምኡ'ውን ምስ መሳርሒታት ካርታ ምዕያይን ኣብ ግምት ዘእቱ እዩ።

ኣባላት ሕብረተሰብ ነቲ ካርታ ኣብ'ዚ ክርእይዎ ይኽእሉ ኢዮም፥ https://www.seattle.gov/redistricting/how-to-participate።

ኣብቲ ብ 8 ሕዳር እተገብረ ኣኼባ ኮሚሽ ዳግመ ዉደባ ሲያትል፣ ነቲ እቲ ኮሚሽን ብ 31 ጥቅምቲ ናይ መወዳእታ እተመሓየሸ ንድፊ ኾይኑ እተቐበሎ ናይ መወዳእታ ካርታ ንምጽዳቕ ኮሚሽነራት ውሳነ ድምጺ ሂቦም። እዚ ካርታ እዚ ብዝሒ ህዝቢ እቲ ዝዓበየ ዲስትሪክት (ኣውራጃ) ካብ ብዝሒ ህዝቢ እታ ዝነኣሰት ዲስትሪክት ካብ 1% ዘይበዝሕ ዝበልጽ ክኾን ኣለዎ ዝብልን፣ ከምኡድማ ኣብ ቻርተር ከተማ እተገልጸ ካልእ መለክዒታት ዶብ እውን ዘማልእ እዩ። እቲ ሓድሽ ካርታ ቤት ምኽሪ ዲስትሪክት ሲያትል ኣብ ኩለን እተን ሸውዓተ ቤት ምኽሪ ዲትሪክትታት ምርጫ ከተማ ለውጥታት ዜጠቓልል ኮይኑ፡ ኣብ ዲስትሪክትታት 1, 2, 5ን 6ን ዶባት ብምስፋሕ ብዝሒ ህዝበን ንምውሳኽ እተገብረ እዩ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዲስትሪክትታት 3, 4, 7ን ዶባት ብምንካይ ብዝሒ ህዝቢ ከምዝዉሕድ ዝግበሩ ለውጢታት ዘጠቓልል እዩ።

ነቲ ሓድሽ ካርታ ቤት ምኽሪ ዲስትሪክት ከተማ ርአ:-

- ናብ PDF ዝወስድ መራኸቢ
- ናብ interactive map (ተዋሳኢ ካርታ) ዝወስድ መራኸቢ
- ናብ መተግበሪ ዳግመ ዉደባ Dave's ዝወስድ መራኸቢ

ብዛዕባ ኮሚሽን ዳግመ ውደባ ሲያትል ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ርአseattle.gov/redistricting።

# # #

*ኮሚሽን ዳግመ ዉደባ ሲያትል ናጻ፣ ወገንነት ዘይብሉ ብሓሙሽተ እተሸሙ ተቐማጦ ሲያትል ዝቑመ ንዕቤት ብዝሒ ህዝቢ እታ ኸተማ ንምንጽብራቕ ነቲ ሓድሽ ዶባት ዲስትሪክትታት ከተማ ሲያትል እንደገና ናይ ምህናጽ ሓላፍነት ዘለዎ ኣካል እዩ። እቲ ኮሚሽን ነቲ ብ ናይ ከተማ ቻርተር ዝፍቀድ ደረጃ ሮቓሒ ጂኦግራፊክ ኢንፎርመሽን ሲስተም(GIS) እታዎት ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ ቀረባ እዋን እተረኽበ ናይ 2020 ጸብጻብ ቈጸራ ህዝቢ ተጠቒሙ እዩ ሓድሽ ዶባት ዝሕንጽጽን ከምኡ ድማ ብገምጋም ማዕረ ብዝሒ ህዝቢ ዘለወን፣ ልዑል ናይ ህዝቢ ጽግዐ ዘለወን፣ ክፉላተን ዝተትሓሓዘን ከምኡ ድማ ንሓደ ወገን ንምጥቃም ኢልካ ዶብ ምዝባዕ ዘይብሉን፣ ከምኡ'ውን ንመንበሪ ዝኾነ ይኹን ሰብ ኣብ ግምት ዘየእቱ ዲስትሪክትታት ንምድላው ዘውጽኦ መለክዒታት ኣብ ምስዓብ ዝርከብ። ናይ ዓንቀጽ* 4 ክፋል 2 ንኡስ ክፍሊ D(3) (Art. IV Sec. 2 Subdivision D(3))፣ *ናይ መጀመርታን መወዳእታን ምሉእ ሓሳባት ርአ The Charter of The City of Seattle | Municipal Code | Seattle, WA | Municode Library. ብተወሳኺውን እቲ ኮሚሽን ነቲ ዘሎ ዶባት ናይ ዲስትሪክትታት ምስዓብ፣ መስመር ማይን ጂኦግራፍያዊ ዶባትን ኣፍልጦ ምሃብ፣ ከምኡውን ንማሕበረሰብ ሲያትልን ጐረባብትን ኣፍልጦ ምሃብ ዝኣመሰሉ ተወሰኽቲ ረቛሒታት ኣብ ግምት ከእትዎ ኣለዎ።*